

# እንታዎት እዮም ዚኣትዉዋ?

ብመምህር ተኪአ መብራህቱ

ድሕሪ ሞት ህይወት ካብ ሃለወ፡ ክንኣትዎ ዝግብኣና መንግስተ ሰማያት፡ ክንሃድመሉ ድማ ዝግብኣና ገሃነም ከም ዘሎ ካብ ኣመንና፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ካብ ምእታው ዝኾልፉና ሓቅታት ፈሊጥና ክንልብም መጽሓፍ ቅዱስ የተባብዓና፡፡ ሸውዓተ ክኾልፉና ዝኽእሉ ነጥብታት ነስተህለሎም፡፡

መጽሓፍ ቅዱስ ብዝህበና ሓበሬታ፡ ናብ መንግስተ ሰማያት ዘይኣትዉ ከም ዘለዉ ክቱት ምርዳእና ይኹን፡፡ መጽሓፍ ቅዱስ መን ከም ዘይኣቱ ብንጹር ኣዳዕ ዲዑ ስለ ዝነግረና፡ ኣይፈለጥኩን ኢልና እነመኽንዮ የብልናን፡፡ ነቲ ኣምላኽ ኣንቢርዎ ዘሎ ገደብ ጥሒስና እናኸድና ክነስና እነምልጠሉ ከንቱ ምህዞ ምምሃዝ ርእሰ-ጥበራ እዩ፡፡ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቈረ 6፡9-11 ብዛዕባ ዘይኣትዉዋ ዝብሎ ነቕልበሉ፡፡ ከምዚ ይብል፡

"ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርሱዋዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፡፡ ኣይትስሓቱ፡ ኣመንዝራታት ወይ መምለኽቲ ጣኦት፡ ዘመውቲ ወይ ሕንቁቓት፡ ወይ ግብሪ ሰዶም ዚገብሩ፡ ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት፡ ወይ ሰካራት ወይ ተጻረፍቲ፡ ወይ ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርሱዋን እዮም፡፡ ገሊኹም ከኣ ኸማታቶም ኔርኩም፡፡ ግናኸ ብስም የሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ኣምላኽናን ተሓጺ ብኩምን ተቐዲስኩምን ኢኹም፡፡"

ስለምንታይ ኰን ይኸውን ሃዋርያ ጳውሎስ "ከም ዘይወርሱዋዶ ኣይት ፈልጡን ኢኹም?" ዚብል ናይ ምግራም ጥያቐን፡ "ኣይትስሓቱ" ዚብል መጠን ቀቕታን ዚወሰኸሉ? ምእንቲ ነዛ በላሕ ሓቂ ዓይንና ሸፊንና ሸለል ከይንብላ እዩ ኣብ ቅድሜና ኣኽሪሩ ቕጅል ኣቢሉዋ ዘሎ፡፡ መንግስተ ሰማያት ክንኣቱ፡ ቅድሚ ካብዛ ዓለም ምስንባትና፡ ብስም የሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ኣምላኽን ተሓጺቡን ተቐዲሱን እተለወጠ ህይወት ክህልወና ግዴታ እዩ፡፡

ጳውሎስ፡ ዓሰርተው-ሓደ ዝኾልፉና ጠባያት፡ ብጸጋ ኣምላኽ ካባና ክውገዱ ዘለዎም፡ ብሰለስተ ጕጅለ ገይሩ ዘርዚ ሩልና ኣሎ፡፡ እዚኣቶም ካባና ክለግሱ ናይ ግድን እዩ፡፡

1. ዓመጽቲ ኣይኣትዉን እዮም፡፡

ዓማጺ ንሕጊ ኣምላኽ ጥሒሱ ንብጻዩ ሰብ ገፊዑ ዝብለጸሉ እዩ፡፡ ስዓብ ክርስቶስ ምኧንን ዓማጺ ምኧንን ተሳንዩ

ክኸይድ ኩቶ ኣይክኣልን እዩ። ኣብዚ ማሕበር ቈረንቶስ ክርስትያናት ኢና፡ ሰዓብተ ክርስቶስ ኢና እናበሉ፡ ገና ድማ ዓመጽቲ ዝኾኑ ነይሮም። ንጳውሎስ ዘገረሞ ድማ መንግስተ ሰማያት ክንኣቱ ኢና ኢሎም ተስፋ ምግባሮም እዩ። ነዚኣቶም ቍልቁል ዝኣፋ ይብሎም፡ "ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርሱዋዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ኣይትስሓቱ ... "

ኣብ ማሕበር ቈረንቶስ ዝነበረ ኩነታት፡ በዚ እንዛረበሉ ዘሎና ጕዳይ ብዚምልከት፡ ኣሕጺርና ንመልከቶ። ደቂ ሓደ ማሕበር ክነሶም፡ "ሓው ምስ ሓው" ይፋረድ ኣሎ ይብለና። ማለት ተኻሲሶም ናብ እንዳ ዳኛ ይኸዱ ምንባሮም ኣብ 1ቈረ 6፡1-8 ኣንቢብና ክንግንዘቦ ንኽእል። ብሱሩ ኣብ ንሓድሕዶም ማዕረ ኣብ ምክሳስ ዘብጽሖም ጠባያት ምርካቡ መንፈሳዊ ጕድለቶም እዩ። ነዚ ኣይርኣይዎን። ዝገደደ ድማ ነቲ ሽግሮም መፍትሒ ክረኽቡ ዝወሰድዎ ኣገባብ ዓመጽትን ገፋዕትን ገበሮም። ዝበለጸን ዝሓሸን መገድታት ሓዲጎም፡ ነገረኛታት፡ ሕነ ፈዳያት፡ መጥቃዕቲ ብጻዮም፡ መጽረፍቲ ስም ክርስቶስ፡ ዝኸፍኡ ሰባት ኰኑ። ብቤት ፍርዲ እቲ እተፈርደሉ ረቲዐ ኢሉ ምሕባን ኣይተርፎን። ክርስትያን እየ እኳ እንተ በለ'ውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና መንግስተ ሰማያት ዘይኣቱ ዓመጸኛ እዩ።

2. ዘይኣትዉ ካልኣይ ጕጅለ፡ ኣመንዝራታትን ዘመውትን ሕንቁቓትን ግብረ ሰዶም ዝገብሩን እዮም። ኣርባዕተ ናይ ስጋዊ ርክብ ሓጥያት ሰምዩልና። ቃል ኣምላኽ ካብ ዝፈቕዶ ወጻኢ ዝፍጸም በብዓይነቱ ናይ ጾታ ስጋዊ ርክባት መንግስተ-ሰማያት ካብ ምእታው ይኽልክል እዩ።

2.1 ኣቐዲምና ብዛዕባ ምንዝርናን ዝሙትን ንዛተ። ሰብኣይን ሰበይትን ወጻኢ ካብ ቃል ኣምላኽ ዝፈቕዶ ዝፍጽምዎ ስጋዊ ናይ ጾታ ምግሳስ ክገልጽ ከሎ ዝሙት ወይ ምንዝር ይብሎ።

2.2 ሰብኣይ ንሰበይቲ (ዘማዊ)፡ ከምኡ ድማ ሰበይቲ ንሰብኣያ (ዘማዊት) ጠሊሞም ዝገብርዎ ሓጢኣት ዝሙት እዩ። ዝሙት ጠላሚ ኪዳንካ ዝገብረካ ሓጢኣት ኪኸውን ከሎ፡ ምንዝርና ድማ እትግህሶ ኪዳን እኳ እንተ ዘይብልካ፡ ህላላ ዝገብረካ ሓጢኣት እዩ። ዘመውትን ኣመናዝርን መንግስተ ሰማያትን ኣይኣትዉን እዮም። ሓዳር ስለ ዝዘርግ፡ ገሊኣቶም፡ ነቲ ዝሙት ጥራይ ሓጢኣት ዝገብርዎ ኣለዉ። ቃል ኪዳን ዘይብሎም ሰባት ተፋትዮም ዝገብርዎ ስጋዊ ምርኻብ ጥልመት ስለ ዘይብሉ ሓጢኣት ኰይኑ ዘይርእዮም ብዙሓት እዮም። ኣይን ታለል። ክልቲኦም ኣይኣትዉን እዮም ከም ዝበለ ንረዳእ። ማቴ 15፡19። እብ 13፡4። ሆሴ 4፡14።

> ነቲ ኣምላኽ ዝፈንፈኖ ዝሙትን ምንዝርናን ፍቕሪ፡ ዕርክነት... ወዘተ እናበልና ኣይነመሓይሾ።

2.3 ሕንቁቓት ድማ መንግስተ ሰማያት ኣይኣትዉን እዮም። እንታዎት እዮም እዚኣቶም? ሕንቁቕ ብቛንቋ ትግርኛ ብዘይ ስነ-ስርዕት፡ ብቐበጥበጥ፡ ብዘይ ዲሲፕሊን ዝዓበየ ሰብ እዩ። ስለዚ ናይቲ "ማላኮይ" ዚብል በኹሪ ቃል ናይ ግሪኽ ልክዕ ትርጉም ኣይኰነን። "ማላኮይ" ብትውልዲ ሰብኣይ ክነሱስ

ብጠባዩ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ተባዕትዮ ሰበይታይ ዝኸውን ሰብ እዩ። ኣብ እንግሊዝ ሆሞ ሰክሽዋል (Homosexual) ተባሂሉ ተተርጒሙ ኣሎ። ከምቲ ነውራማት ሰብኡት፣ ነውራማት ደቀ-ንስትዮ'ውን ከም ዝነበራ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 1፡26 ይጠቕሶ።

ከምዚ ብዘበንና ዘሎ ካብ 1 ክሳዕ 100 ድ.ል.ክ. ዝነበረ ዘመን ኣዝዩ ነውራም እዩ ነይሩ። በዚ ዘበንና እዞም ብነውሮም ምሕፋር ዝደርበዮም ሰባት፣ ሕጋዊ መሰሎም ክፍለጠሎም ይከራኸሩን ይዕወቱን ድማ ኣለዉ። እቲ ዘሕዝን ድማ ገለ ቤተ ክርስትያናት ድሮ ፈሊጠናሎምሲ ቃል ኪዳን ከእስርዎም ጀሚሮም ኣለዉ። ቃል ኣምላኽ ግና ፈጺሙ ኣይልወጥን እዩ። “ማላኮያት” (ሕንቁቓት) መንግስተ ሰማያት ኣይኣትዉን እዮም።

2.4 ነውሪ፣ ግብረ-ሰዶም ዝገብሩ ኹሎም መንግስተ ሰማያት ኣይኣትዉን እዮም። እዚኣቶም ኣብ ሰብኣይ ዝረስኑን ዝንዉሩን እዮም። ብዛዕባ እዚኦም፣ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 1፡27 ይዛረብ። በዚ ዘመንና እዚኣቶም እናበዝሑን ምልኪ እናረኸቡን እናተደራጀዉን ተቐባልነት እናረኸቡን ይኸዱ ኣለዉ። እንተ ኾነ'ውን ቃል ኣምላኽ ኣይልወጥን እዩ። እዚኣቶም'ውን መንግስተ ሰማያት ኣይክኣትዉን እዮም።

እቶም ቀዳማይ ጒጅለ መንግስተ ሰማያት ዘይኣትዉ ዓመጽቲ ክኾኑ ከለዉ፣ እቶም ካልኣይ ጒጅለ ድማ በብዓይነቱ ነውሪ ናይ ስጋዊ ምግሳስ ዝፍጽሙ ኣርባዕተ ሰሚና። ንሳቶም ድማ ዘመውቲ፣ ኣመናዝር፣

ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፣ ብዅሉ ነፍስኻን ብዅሉ ሓሳብካን፣ ብዅሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ። እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ እያ።” ማር 12፡28-29።

ሕንቁቓት፣ ግብረ ሰዶም ዝፍጽሙ እዮም። ኣብ ማእከል እዚ ኣርባዕተ ተርታ ናይ ካልኣይ ጒጅለ መምለኽቲ ጣኦት መንግስተ ሰማያት ከም ዘይኣትዉ ተሰምዮም ነንብብ። ስለምን ታይ እዮም እዚኣቶም ክፍሎም ምስ ነውራማት ተሰሪዑ?

ኣቐዲምና ኣምልኾ ጣኦት እንታይ ዓይነት ሓጢኣት ምዃኑ ንዛተ። ኣብ ህይወትና ናይ ኣምላኽ ቦታ ዘሪፉ ዝርከብ ዘበለ ኹሉ ጣኦት እዩ። ፈሊጥናን ወይስ ከይፈለጥናን መተካእታ ኣምላኽ እንገብሮ ዘበለ ጣኦት ክብሃል ይክኣል። ኣብ ህይወት ነፍስ ወከፍና ኣምላኽ ክህልዎ ዘለዎ ቦታ ኣምልኾ ስለ ዝኾነ፣ ንእኡ እንገብሮ መተካእታ ኵሉ ኣምልኾ ጣኦት እዩ።

ሓደ ካብቶም ተመራመርቲ ንየሱስ ክርስቶስ፣ “... ካብ ኵለን ትእዛዛትሲ፣ ኣየነይቲ እያ ቀዳመይቲ” ኢሉ ምስ ሓተቶ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፣ “... እታ ቀዳመይቲ እዚኣ እያ፣ እስራኤል ስማዕ፣ ኣምላኽና ንሱ በይኑ እዩ እግዚኣብሄር። ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፣ ብዅሉ ነፍስኻን ብዅሉ ሓሳብካን፣ ብዅሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ። እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ እያ።” ማር 12፡28-29። ንእግዚኣብሄር ከምዚ ጌርካ ዘይምፍቃር ወትሩ ናብ ኣምልኾ ጣኦት እዩ ዜምርሕ። ምናልባት ከምቶም ናይ ቀደም ሰባት፣ በዚ ዘመንና ሰባት ኣብ ቅድሚ ስእልን ምስልን ኣይሰግዱን ይኾኑ። መምለኽቲ ጣኦት ካብ ምዃን

*ግና ነጻ ኣይኮኑን፡፡ መምለኺቲ ጣኦትሲ ሎሚ እኳ ድኣ ይበዝሑ፡፡ መንግስተ ሰማያት ድማ ኣይኪኣትዉን እዮም፡፡*

*ናብታ ዘገረመትና ካልኣይቲ ምርመራና ንመልከት፡፡ ስለምንታይ እዩ፣ ጳውሎስ፣ ንኣምልኾ ጣኦትሲ ምስቲ ኣርባዕተ ነውራም ሓጢኣታት ዝሰርዖ ትብል፡፡ ብታሪኽ ክንርእዮ ከሎና፣ ኣምልኾ ጣኦት ወትሩ ናብ ኣምልኾ ነውራም ፍትወታት ስጋ እዩ ዜምርሕ፡፡ ቀደም ኰነ ሕጂ ከምኡ ምዃኑ ንርእዮ ኣሎና፡፡ ነውሪ፣ እቲ ዝዓበየ መፈንጠራን ውድቀትን ናይ ሰባት ኣብ ምሉእ ዓለም እዩ፡፡*

*ከምኡ ምዃኑ ከኣ፣ ጳውሎስ ብቓል ኣምላኽ ከምዚ ይብለና፣*

> *“... ንኣምላኽ እናፈለጥዎስ፣ ከም ኣምላኽ ገይሮም ስለ ዘየኽበርዎን ዘየመስገንዎን ብሓሳቦም ከንቱ ኰኑ፡፡ እቲ ዘየስተውዕል ልቦም’ውን ጸልመተ፡፡ ... ስለዚ ኣምላኽ ንዜነውር ፍትወት ኣሕሊፉ ሃቦም፡፡” ሮሜ 1፣21,26፡፡፡*

*እወ መምለኺቲ ጣኦት ድማ ብርግጽ ኣይኣትዉን እዮም እሞ ካብ ኣምልኾ ጣኦት ንተሓሎ፡፡ ኣምልኾ ጣኦት እግረ-እግረ ነውራም ምዃን ዝኸተል ሓጢኣት እዩ፡፡*

*3. ሳልሳይ ጉጅለ፣ ሓሙሽተ ተርታ ዝሓዘ መንግስተ ሰማያት ዘይኣትዉ ድማ “ሰረቕቲ፣ ስሱዓት፣ ሰካራት፣ ተጻረፍቲ፣ ዘረፍቲ” እዮም፡፡ ሓጢኣት ተሓላሊኹ ዝመልከካ ጠባይ ስለ ዝኾነ ተነጺሉ ኣይርከብን፡፡ ስስዐን፣ ስርቅን፣ ዘርፍን ተጣሚረን እየን ዝኸዳ፡፡ ሱር ናይዘን ጥምሮ ሓጢኣት ድማ ስስዐ እያ፡፡ ስስዐ ኣብ ዘለዎ ሰረቕትን ዘረፍትን ክህልዉ ትሕውዝ ንግበሮ፡፡*

*3.1 ሰረቕቲ፡፡ ስርቂ ዘይንብረትካ፣ ዝኾነ ዘይናትካ፣ ከይጸመኻሉ ምውሳድ እዩ፡፡ ኣብ ባህሊ ዓለም ብሰፊሑ፣ ብፍላይ ድማ በዚ ሓዲስ ኪዳን እተጻሕፈሉ ዘመን ብሜላን ብወረጃ መገድን ዝግበር ስርቂ መንፍዓት ድኣ እምበር በደል ኣይኮነን ዝቝጸር ነይሩ፡፡ ኣብቲ ባህሊ ግሪኻውያን ይትረፍዶ ሰባት እቶም ኣማልኽቶም ከይተረፈ ተራቒቕም ይሰርቑን ብእኡ ዕላማኦም የስልጡን ነይሮም፡፡*

*ሎሚ’ውን እንተኾነ ኣይተለወጠን፡፡ “ዘበን ውራውራ ነፍሸካ እይተዕብራ” መምርሒ ዓለም እዩ፡፡ ቃል ኣምላኽ ግና ብትርጉም ዘይምሓየሽ ቊርጽ ዝበለ ትእዛዝ፣ “ኣይትስረቕ” እዩ ዚብለና፡፡ ዓ ንዳፉት ሰረቕቲ ኰነ ወይስ ሜለኛታት፣ ሃይማኖተኛታት ይኹኑ ወይስ ኣረመኔ፣ ውልቀ ሰባት ይኹኑ ወይስ ድርጅታትን መንግስትታትን፣ ኵሎም ሰረቕቲ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይኣትዉን እዮም፡፡*

*ኣይሁድ፣ ዓሌት ኣብርሃም ኢና ኢሎም ዝሕበኑ፣ ብሃይማነቶም ዝንየቱ ሰባት እዮም ነይሮም፡፡ ግናኸ ይሰርቁ ድማ። ነብዩ ኤርምያስ ኣብ 7፣8-11 ዝበሎም ንስማዕ፡፡*

*“እንሆ፣ ንሸኻትኩም ኣብ ዘይጠቅም ቃላት ሓሶት ትውከሉ ኣሎኹም፡፡ ኣየ፣ ንሸኻትኩም ትሰርቁ፣ ትቐትሉ፣ ትዝምዉ፣ ብሓሶት ትምሕሉ፣ ንበዓል ትዓጥኑ፣ ንዘይትፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲ’ውን ትስዕቡ፡፡ ናብዚ መጺእኩም ከኣ ኣብዛ ብስመይ እተሰምየት ቤት ኣብ ቅድመይ ቈምኩም፣ ኵሉ እዚ ፍንፉን ግብሪ እዚ*

ምእንቲ ክትገብሩ፡ ድሑናት ኢና ትብሉ ኣሎኹም፡፡ ... ኣነ ባዕለይ ርእየዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡፡”

3.2 ስሱዓት፡፡ ስሱዕ፡ ተመስገን ዘይብልን ብጕሁር ስምዒት ንብረትን መሰልን ክብረትን ግድን ናይ ካልኦት ክወስድ ካብ ዓመጽ ድሕር ዘይብል ሰብ እዩ፡፡ ዓለማውያን ንስስዐ መንፍዓት እዮም ዝገብርዎ፡፡ ብስስዐ ይህብትሙ፡ ስልጣን ይሕዙ፡ ሰበይቲ እንዳማቶም ይወስዱ ... ወዘተ፡፡ ቃል ኣምላኽ ግና ወይ ካብ ስስዐ ሓራ ውጽኡ ወይ ድማ መንግስተ ሰማያት ከም ዘይትወርሱ ፍለጡ እዩ ዚብሎም፡፡

3.3 ሰካራት፡፡ ነቲ ሕማቕ ናይ ሰኽራን በቲ ዘፍርሶ ጥዕና፡ ዝብትኖ ሓዳር፡ ዘምጽኦ ድኽነት፡ መስሓቕ ዝገብረካ፡ ዘሕጽሮ ዕድመ፡ ዘእትውካ ምንዝርን ዝሙትን ... ወዘተ ጥራይ ኣይንርኣዮ፡፡ ካብዞም እተሰምዩ ዝገደደ ወጽዓ ኣለዎ፡፡ ሰካራት ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይኣትዉን እዮም፡፡ ገሊኣቶም ሰካራት ዓላ እዮም፡፡ እንተ ኾኑ’ውን ቃል ኣምላኽ ብፍጹም ኣይልወጥን እዩ፡፡

ባህሊ ዓለም ብመስተ ቅዩድ እዩ፡፡ ዕ ርክነት ኮነ ወይስ በብዓይነቱ ውራያት ብዘይ መስተ ኣይዕምሩን እዮም፡፡ መስተ ኣብቲ ኤኮኖሚ ናይ ሰባትን ሃገርን ዓቢ ግደ ኣለዎ፡፡ ሳላ መስተ ዝህብትሙ ሒደት ኣይኮኑን፡፡ እንተ ኾነ‘ውን ቃል ኣምላኽ ኣይልወጥን እዩ፡፡

ሰካራት ካብ በለስ፡ ደረትካ ሓሊኻ፡ ኣብ ሰኽራን ከይበጻሕካ ዘስክር ምስታይ ብኣምላኽ ቅቡልዶ እዩ? ኣታ መንግስተ ሰማያት ክትኣቱ ሃረርታ ዘሎካ ሰብ፡ ካብ ከምዚ ኢልካ ትከራኸርሲ፡ ነቲ ዘስክር መስተ ሕሩመይ ዘይትብሎ? ደረት ክትሕሉ ናብ ሰኽራን እንተ ጸደፍካኸ? “ምእንቲ መጎጎ ትሕለፍ ኣንጭዋ።” ከም ዚብሃል፡ ምእንቲ መንግስቲ ኣምላኽ ይትረፍ ዘስክር መስተ ዘይትብል? ብጸጋ ኣምላኽ ንዘስክር መስተ ዝሓረምዎ ብዙሓት እዮም እሞ ኣብ ክንዲ ምስቶም ደረት ዝሕልዉስ ምስቶም ዝሓረሙዎ ተሰለፍ፡፡

እቶም ደረት ሓልዮም ክሰትዩ ዝደልዩ ዘመኽንይሉ ጥቕስታትን ኣብነ ታት ናይ ኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ኣይሰኣኑን እዮም፡፡ ዘስክር ዘይምስታይ እቲ ዝሓሸ እዩ፡፡

3.4 ተጻረፍቲ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይወርሱን እዮም፡፡ ከምቲ ብእምኒ ወይስ ብበትሪ ንዝጸላእናዮም እንሃርሞም ብመል ሓስና ጌርና እንሃስዮም ሃስያ ጸርፊ ይብሃል፡፡ ከምኡ ገይሮም ድላዮም ምግባር ዓወት ዝቈጽርዎ ብዙሓት እዮም፡፡ ካብ ኣፍ ናይ ብሓቂ ክርስትያን ከቢድ ወይስ ፈኲስ ጸርፊ ክወጽእ ክልኩል እዩ፡፡ መምርሒና ከም ናይ ብሓቂ ክርስትያናት፡ “... መርቑ ድኣ እምበር ... ጸርፊ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ኣይትምለሱ” እዩ፡፡ (1ይ ጴጥ 3፡9)፡፡

3.5 ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርሱዋን እዮም፡፡ ዘረፍቲ ሰረቕቲ እዮም፡፡ ፍልልዩኸ? ሰራቒ ብዛዕባ ዘይናቱ ዝወስድ ክኸውን ከሎ፡ ዘራፊ ግና ከመይ ገይሩ ከም ዝሰርቕ ይሕብር፡፡ ዘራፊ ክሰርቕ ከሎ ሓይሊ፡ ብድዐ፡ ዓመጻ ምጥቃሙ የመልክት፡፡ ዓቕሙ ተኣማሚኑ ዘይናቱ ዝወስድ፡ ብዓለም ጅግና፡ ሓያል፡ ብርቱዕ፡ ኣንበሳ ... ወዘተ እዩ ዚብሃል፡፡ ብኣምላኽ ግና መንግስቲ ኣምላኽ ዘይወርስ ዘራፊ እዩ፡፡

ጳውሎስ ነዞም ማሕበር ቈረንቶስ ሸለል ዝብልዎ ዝነበሩ፣ ኣብቲ ሕብረተ-ሰቦም ከኣ ድሓን ዝብሃል ዝነበረ ዓሰርተ ሓደ ሓጢኣታት ኣብ ሰለስተ ከፊሉ እናጠቐሰ ትምህርታዊ መጠንቀ`ቕታ ሂቡዎም፡፡

መንግስቲ ኣምላኽ ወረስቲ ካብ ምኳን ዝኾልፉና እዚኣቶም ጥራይ ኣይ ኰኑን፡፡ ካልኦት'ውን ኣለዉ፡፡ ክንፈል ጦምን ክንልብምን ድማ ይግብኣና፡፡

ጳውሎስ ኣብ ገላትያ 5፣20-21 ወረስቲ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ምኳን ዝኾልፉና ጠባያት ይዝርዝረልና፡፡ ብዘይ ትንታኔ እቲ ዝርዝር እንሆ፡፡ " ... ርኽሰት፣ ዕብዳን፣ ጥንቈላ፣ ጽልኢ፣ ባእሲ፣ ቅንኢ፣ ቍጥዓ፣ ሻራ፣ ምፍልላይ፣ ዝር ግርግ፣ ቅትለት፣ ጓይላ፣ ከምዚ ዝመሰለ ኻልእ'ውን እዩ፡፡ እቶም ከምዚ ዝመሰለ ዚገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ ከምቲ ቐደም ዝበልክዎ ኣቐዲመ እብለኩም ኣሎኹ፡፡"

እምብኣርከስ ርዱኣት ንኹን፡፡ ኣምላኽ በቲ መጽሓፍ ቅዱስ ገይሩ፣ ከምዚ ኣይትግበሩ፣ ከምቲ ኣይትኹኑ ኢሉ ኣነጺሩ እናዘርዘረልና ጠሓስቲ ምስ እንኸውን መንግስተ ሰማያት ከም ዘይንኣቱ ርዱኣት ኳንና ንለብም፡፡

4. ሸለል ከይበልና ከነቕልበሉን፣ ክንቅበሎን ብኣምላኽ እተዋህበና ጸጋታት ሸለል ምባል ድማ ካብ ወረስቲ መንግስቲ ኣምላኽ ምኳን ይኾልፈና እዩ፡፡ ወንጌል ማቴዎስ 25፣1-13 ብዛዕባ ምስላ እተን ሓሙሽተ ዓያሱ ዝምህሮ ሓቂ ነስተብህለሉ፡፡ ቤት ኣምላኽ ተኸፊቱልና ከሎ ዘወትር እንተ ዘይከድናዮ፣ ቃሉ ምሳና ከሎ እንተ ዘየንበብናዮ፣ ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ክንዛተ ዕድል ከሎና ሸለል እንተ በልናዮ፣ ብዓቢኡ ንክርስቶስ ፋዕራ እንተ ዘይገበርናሉ፣ ከምተን ዓያሱ ደናግል፣ ዓያሱ ኣመንቲ ብምኳን መንግስተ ሰማያት ዘይኣትዉ ንኸውን፡፡ ብመገድና ወራዙትን ሃይማኖታውያንን ክንከውን ይክኣል እዩ ከምዘን ዓያሱ ደናግል፡፡ እንተ ኾነ'ውን እንኣትዋ በቲ መገዲ ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡፡

5. መምከንቲ መክሊት ድማ ኣይኣትዉን እዮም፡፡ ወንጌል ማቴዎስ መበል 25 ምዕራፍ ሰለስተ ምስላታት ብዛዕባ መንግስተ ሰማያት ዘይኣትዉ ትምህረና። እታ ካልኣይቲ ምስላ ኣብ 25፣14-30 ዘላ ብዛዕባ ብስንፍና ምምካን መክሊት ትምህር፡፡ በረኸት ኣምላኽ ኣባናን ብኣናን ክስስን ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ ጸጋ ይውሃቦ እዩ፡፡ ግናኸ እቲ ኣማኒ ብትህኪት ነቲ እተዋህቦ መምከኒ ምስ ዝኸውን ብኣምላኽ ባዕሉ ተጠያቒ እዩ፡፡ ወራሲ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ምኳን ድማ ይሑለፍ፡፡ ንምግባሩ ብኣምላኽ ዕድልን ዓቕምን ጸጋን ተዋሂቡና ክንገብሮ ዝግብኣና ጸቡ`ቕ መምከንቱ ምስ እንኸውን መንግስተ ሰማያት ይዓጽወልና እዩ፡፡

6. ከነርሀ ዕድልን ዓ`ቕምን ከሎና፣ ደፊንቲ ርህራሄና ምስ እንኸውን፣ መንግስተ ሰማያት ኣይንኣቱን ኢና፡፡ እዚ ሓቂ እዚ በቲ ሳልሳይ ምስላ ኣብ ማቴ 25፣31-46 ዘሎ ገይሩ ይምህረና፡፡ ብጥሜት፣ ብጽምኢ፣ ብዕርቃን፣ ብሕማም፣ ብምግፋዕ፣ ብማእሰርቲ፣ ብዝኽትምና፣ ብሓደጋ፣ ብማዕበል፣ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ፣ ብውግእ ... ወዘተ ዝሽገሩ ታእላው የብሎምን፡፡ ዓቕምና ብዝፈ`ቕዶ ብልግስን ብመስዋእትን ዘየርህዉ ኣመንቲ ምስ እንኸውን መንግስተ ሰማያት

ኣይንኣቱን ኢና፡፡

7. ዘይምእማን ድማ ኣሎ፡፡ እታ ዝዓበየት ሓጢኣት ደገ መንግስተ ሰማያት እትዓጽወልና እዚኣ እያ፣ ማለት ዘይምእማን ብየሱስ ክርስቶስ፡፡ ዮሃ 3፡18ለ፣ 36 ከምዚ ይብል፣ "... ነቲ ዘይኣምን ግና ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ፡፡ ... እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር ንህይወት ኣይኪርእያን እዩ፡፡" ማር 16፡16ለ ድማ " ... እቲ ዘይኣምን ግና ኪኹነን እዩ፡፡" ብዛዕባ ዘይምእማን ብየሱስ ክርስቶስን በቲ ንሱ ዚህበና ምድሓንን ኪዛረብ ከሎ፣ እብ 2፡3 ከምዚ ይብል፣ " ... ኽንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል ከመይ ጌርና ኽንመልቑ ይከኣለና፡፡"

እምብኣርከስ ካብቲ ዝዓበየ ዕላማ ናይ ህይወት ዝኾነ ጒዳይ፣ ማለት ምእታው መንግስተ ሰማያት፣ ብቓል ኣምላኽ ተመሪሕና ነቶም ኰለፍትና ክኾኑ ዝኽእሉ ነለልዮም፡፡ ብኣታቶም ከይኝኹለፍ ንተዓጠቕ፡፡ ዘኽእለና ጸጋታት ናይ ኣምላኽ ንባረኽሉ፡፡ ኣሰር ናይ እቶም ዝኣተዉዋ ድማ ንስዓብ፡፡

"እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር ንህይወት ኣይኪርእያን እዩ፡፡" ማር 16፡16ለ

መንግስተ ሰማያት ክንኣቱ፣ ቅድሚ ካብዛ ዓለም ምስንባትና፣ ብስም የሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ኣምላኽን ተሓጺቡን ተቐዲሱን እተለወጠ ህይወት ክህልወና ግዴታ እዩ፡፡

